# ብዛዕባ ን መናበዪ ዝኸውን ደገፍ ክትሓትት ከለኻ ብኸምዚ ኣገባብ ኢኻ ትመልኦ፥

**መምርሒ ኤለክትሮኒካዊ ኣገልግሎት ን ደገፍ መናበዪ ብዝምልከት**

ኣብዚ ናይ ኤለክትሮኒካዊ ኣገልግሎት እዚ ኣብ ምምሕዳር ሀርይዳ ኮምዩን ምዝጉብ እንተ ደኣ ኬንካ ን ሐገዝ መናበዪ ዝኸውን መመልከቲ ከተእቱ ትኽእል ኢኻ።

**ነቲ ኤለክትሮኒካዊ ኣገልግሎት ቅድሚ ምጅማርካ**

ነቲ ኤለክትሮኒካዊ ኣገልግሎት መሊእካ ክትውድኦ ብ ገምጋም 20 ደቓይቕ ኣቢሉ ይወስደልካ እዩ። ነቲ መመልከቲ ክትመልኦ ከለኻ ን ናይ ቍጠባዊ ትሕዝቶኻ ከምኡ ድማ ናይ ወጻኢታትካ ዝርዝር ዘርኢ መሰረታዊ መዝገብ ኣብ ኢድካ ማለት ኣብ ጥቓኻ ክህሉወካ ኣገዳሲ እዩ። ብ ትኽክል ድማ ጸሓፎ ኢኻ። ነቲ ክትመልኦ ዝደለኻዮ ማለት ዝጀመርካዮ መመልከቲ ጸኒሕካ ክትምለሶ ወይ ክትቅጽሎ እንተ ደኣ ደሊኻ ነዚ መመልከቲ ዓቅብለይ ዝብል ክትመርጽ ትኽእል ኢኻ። ሕቡእ ማለት ስቱር መንነት ዘሎካ ምስ ትኸውን ግን ነዚ ኤለክትሮኒካዊ ኣገልግሎት ክትጥቀመሉ ኣይትኽእልን ኢኻ።

**ምሉእ ዝኾነ መመልከቲ**

ነቲ ዘቕረብካዮ መመልከት ክንፍትሾ ማለት ክንምርምሮ ክንጅምር እንተ ደኣ ኬንና ምሉእ ብምሉእ ዝተማለአ ወይ ዝተመልአ ክኸውን ኣሎዎ። ኣብ ትገብሮ መመልከቲ ንቕድሚት ክንቅጽል እንተ ደኣ ኮንና ዝኾኑ ምልክታት ዋላ ሕቶታት ንእብነት ከም ኰኾብ መሳሊ * መእተዊኦም ምኽንያት ክምለስ ክኽእል ኣሎዎ። ክትመልእ ከለኻ ክትመልኦ ዝግብኣካ ዝኾነ ነገር እንተ ደኣ ረሲዕካ ንቕድሚት ምእንቲ ክትቅጽል እንታይ ከተማልእ ከም ዝግብኣካ ኩሉ ሓበሬታ ይውሃበካ እዩ።

**ምሳኻ ሓቢሩ ዝመልእ**

ምርዕው ዲኻ? ወይ ድማ ምዝጉብ ማለት ወግዓዊ መጻምዲ ኣሎካ? ወይ ከኣ ብሓባር ምሳኻ ዝነብር ኣሎ እንተ ኾይኑ እዚ ማለት ብሓባር መናበዪ ዝኸውን ሓገዝ ናይ ምርካብ መሰል ኣሎኩም። ስለ ዝኾነ ድማ እቲ መጻምዲ ምሳኻ ሓቢሩ መናብዪ ዝኸውን ሓገዝ ን ምርካብ ኣብ ዝግበር መመልከቲ የመልክት ማለት እዩ። ናይ ክልተኹም ቍጠባዊ ትሕዝቶ ድማ ብ ሓደ ይጽብጸብ። እዚ ማለት ድማ ናይ እቲ ሓቢሩ ዘመልክት ዘሎ ሰብ ውልቃዊ መራኸቢ ኣድራሻ፡ ኢመይል ኣድረስ፡ ናይ ስራሕ ተቘጻርነት፡ ቍጠባዊ ትሕዝቶ፡ ከምኡ ድማ ካልኦት ሰነዳት ክምዝገቡ ኣሎዎም። ንሕና መርመራ ናይ እቲ ጉዳይ ክንተሓሓዞ እንተ ኼንና እቲ ሓቢሩ ኣብቲ መመልከቲ ዝኣቱ ዘሎ ሰብ እውን እንተ ኾነ ነቲ ናይ መመልከቲ ቅጥዒ ብ መገዲ ኤለክትሮኒካዊ መለለዪ ካርዱ ኣቢሉ ኣረጋጊጹ ፍቓደኛነቱ ክገልጽ ከድልዮ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ናይ እቲ ሓቢሩ ዘመልክት ዘሎ ሰብ እቲ ትኽክል ኢመይል ኣድረስ ክምላእ ኣለዎ። ምኽንያቱ እቲ ሰብ ኣረጋጊጹ ፍቓዱ ክህብ ምእንቲ ክጠቅም።

**ናይ መርመራ ናይ ቴለፎን ደወል ኣብ ግዜ ምምልካት**

ናይ መናበዪ ዝኸውን ሓገዝ ን መጀመርታ ግዜኻ ተመልክት ምስ ትህሉ እዚ ማለት ድማ ሓድሽ መመልከቲ ትገብር ምስ ትህሉ፡ ን ሓፈሻዊ መርመራታት ማለት ዝርርባት ብ መገዲ ቴለፎን ክንረኽበካ ኢና። ክንድውለልካ ከለና ክትምልሰልና ድማ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ኣብዚ ናይ መርመራ ናይ ቴልፎን ናይ ዝርርብ ግዜ ዝደለኻዮ ካልእ ሓበሬታ ማለት ክተቕርቦ ትደልዮ ተወሳኺ ሓበሬታ ዋላ ሓዋዊስካ ክትነግረና ትኽእል ኢኻ።

**መዝገብ ናይ ቍጠባዊ ትሕዝቶ ከምኡ ድማ ወጻኢታት**

እቲ መመልከቲ ዝተማልአ ምእንቲ ክኸውን ብዛዕባ ቍጠባዊ ትሕዝቶኻን ወጻኢታትካን ዝሕብር ወይ ዘርእይ መዝገብ ወይ ሰነድ ከተቕርብ ናይ ግድን እዩ። ዋላ እውን ናይ እቶም ዝመዝገብካዮም ማለት ዘቕረብካዮም ሓበሬታታትን ነጥብታትን ዘርእዩ ካልኦት ዝኾኑ መዝገባት ወይ ሰነዳት ከተቕርብ ትኽእል ኢኻ። ነቲ ከተቕርቦ ትደልዮ መዝገብ ወይ ሰነድ ድማ ብ ገለኡ ካብ እዞም ዝስዕቡ ነጥብታት ከተቕርቦ ትኽእል ኢኻ።

- ብ ድጂታል ዓይነት ብ መገዲ ኤለክትሮኒካዊ ኣገልግሎት።
- ኣብ ናይ እቲ ኮምዩን ገዛ ብምኻድ ነቲ ረሰፕሽን ናይ (Råda torg, Mölnlycke) ከተቕርበሉ ይክኣል። ወዳኢ ጕዳይ ማለት ሃንድሌጋረ ምስ ዝህሉወካ ኸኣ ኣብቲ ቡስጣ ሽሙ ክትጽሕፎ ንምሕጸን።
- ነቲ ሰነድ ብ መገዲ ናይ እዚ ዝስዕብ ኢመይል ኣድረስ ማለት ናብ ekonomisktbistand@harryda.se ክትሰዶ ትኽእል ኢኻ።
- ነቲ ሰነድ ብ መገዲ ፖስጣ (ሃንድሌጋረ ምስ ዝህሉወካ ኣብቲ ቡስጣ ስሙ ክትጽሕፎ ንምሕጸን) ናብ እዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ማለት ናብ
  Härryda kommun
  Socialtjänsten/ekonomiskt bistånd (ስም)
  435 80 Mölnlycke
  ኢልካ ስደዶ።

ሰነዳትካ ምስ በጽሓና ድማ ነቲ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ክንምርምሮ ክንጅምር ኢና።

**ነቲ ክፍሊ ኣገልግሎት ብ ኸመይ ክትረኽቦ ትኽእል?**

ነቲ ክፍሊ ኣገልግሎት ኣብ ላፕቶፕካ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ማለት ኣብ harryda.se ብምእታው ”Omsorg och hjälp” ከምኡ ድማ ”e-tjänster” ኣብ ዝብሉ መላግቦታት ጠዊቕካ ብምእታው ክትረኽቦ ትኽእል ኢኻ።

ኣብኡ ምስ ኣተኻ ድማ ናብቲ ናይ ኤለክትሮኒካዊ ኣገልግሎት ገጻት ንምእታው ዝኣክል ”Till e-tjänsten” ዝብል መልጐም ጠውቕ።

ነቲ ኤለክትሮኒካዊ ኣገልግሎት ክትጥቀመሉ እንተ ደኣ ኼንካ ድማ ኤለክትሮኒካዊ ካርዲ ከም ንኣብነት ባንኪ ኣይዲ ወይ ከኣ ሞባይል ባንክ ኣይዲ የድልየካ። ከመይ ገርካ ከም ትኣቱ ከምኡ ድማ ን ባንክ ኣይዲ ከመይ ጌርካ ከም ትጥቀመሉ ንዝምልከት ዝያዳ ሓበሬታ ኸኣ ናብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ማለት ናብ www.bankid.com ኣቲኹም ኣንብቡ።

ሕጂ እምብኣር ኣድራሻ ርክባትካ ንኽትመልእ ናብ ኤለክትሮኒካዊ ኣገልግሎት ኣቲኻ ኣለኻ።

- **Sökande ኣመልካቲ**

ውልቃዊ ኣድራሻታትካ ካብ መዝገብ ምምሕዳር መጺኡ ስለ ዘሎ ድሮ ተመሊኡ ኣሎ። ንስኻ ባዕልኻ ድማ ነዞም መወከሲታት እዚኣቶም ክትቅይሮም ኣይትኽእልን ኢኻ። ዝኾነ ትኽክል ዘይኮነ ነገር እንተ ደኣ ተረኺቡ፡ ን ማእከል ርክባት ወይ ድማ ን ወዳኢ ጉዳይካ ማለት ሃንድሌጋረኻ ርኸቦ። ሽዑ ድማ ነቶም ዝጐደሉ መወከሲታትካ ክትመልኦም ኢኻ።

- **Ansökan መመልከቲ**




ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ኣዋርሕ ንመናበዪ ዝኸውን ሓገዝ ብዛዕባ ዝምልከት ዘይሓተትካ እንተ ኾንካ ሓድሽ መመልከቲ ክትመርጽ ኢኻ። ኣብዘን ዝሓለፋ ሰለስተ ኣዋርሕ ናይ መናበዪ ሓገዝ ዝምልከት መመልከቲ ኣቕሪብካ እንተ ነኢርካ እሞ ድማ ወዳኢ ጉዳይ ማለት ሃንድሌጋረ ተገይሩልካ እንተ ነይሩ ኸኣ እንደገና ዝምላእ ዝብል ክትመርጽ ኢኻ።

ኣየናይ ከም ትመርጽ ማለት ሓድሽ መመልከቲ ዲኻ ክትመርጽ ወይ ከኣ ዳግማይ ምምላእ ዝብል ኢኻ ክትመርጽ ዘለካ ብዝምልከት እንተ ደኣ ዘይተረድኣካ ድማ ንማእከል መወከሲ ወይ ማእከል መራኸቢታት ብ ቊጽሪ ቴለፎን 031-724 62 00 ክትረኽቦም ትኽእል ኢኻ።

ሓድሽ መመልከቲ ዝብል እንተ ደኣ ጌርካ ኣብ ውሽጢ ውሑዳት ናይ ስራሕ መዓልታት ንመርመርመራዊ ዝርርብ ንኽንገብር ብቴለፎን ክንረኽበካ ኢና። ኣብ ንድውለሉ ግዜ ክትቅበለና ድማ ኣገዳሲ እዩ። እንተ ዘይተቐቢልካና ግን ነቲ መመልከቲኻ ብዝምልከት ክሳራ ከጋጥመካ ይኽእል እዩ።

ኣብቲ ፐርዮድ ዝብል ዘሎ ድማ ናይ ኣየነይቲ ወርሒ ተመልክት ከም ዘለኻ ክትመርጽ ኢኻ። ኣብቲ ኤለክትሮኒካዊ ኣገልግሎት ብምእታው ከኣ ነታ ትደልያ ዘለኻ ሓንቲ ወርሒ ጥራይ ኢኻ ከተመልክት ትኽእል።

ኣብታ መድሶካንደ ትብል ዘላ ድማ ዓርኪ/ሿል ወይ ወዲ፡ መጻምዲ ወይ ከኣ መናብርቲ ኣሎ እንተ ኾይኑ ይምላእ ማለት እዩ።

- **Barn ውላድ**

ትሕቲ 18 ዓመት ዝዕድመኡ ቈልዓ ኣባል ናይ እታ ስድራ ኣሎ እንተ ኾይኑ ወይ ድማ ኣብ ጅምናስየ ማለት ካልኣይ ደረጃ ዝምሃር ቈልዓ ኣሎ እንተ ኾይኑ ናይ እቲ ቈልዓ መወከሲታት ክትመልኦ ኣለካ። ዋላ እውን እቲ ቈልዓ ምሉእ ብምሉእ ምሳኻ ዝነብር እንተ ኾይኑ ክትመልኦ ከድልየካ እዩ። ከምኡ ድማ እንተ ደኣ እቲ ቈልዓ ግዝያዊ መንበሪ ኣሎዎ፡ ወይ ከኣ ምስቲ ቈልዓ ቀጥታዊ ርክብ ኣሎካ እንተ ኰይኑ ምልኣዮ። ቈልዓ ልዕሊ 18 ዝዕድመኡ ምስ ዝህሉወካ ግን ከኣ ካልኣይ ደረጃ ዘይምሃር ምስ ዝኸውን ወይ ድማ እቲ ቈልዓ ምሳኻ ብሓባር ዘይነብር ምስ ዝኸውን፡ ቈልዓ የለን ዝብል ኣማራጺ ትመርጽ ማለት እዩ።

- **Boende መንበሪ**

ሓድሽ መመልከቲ ኣብ ተቕርበሉ ግዜ ወይ ከኣ መንበሪ ገዛ እንተ ደኣ ቀይርካ ናይ ገዛ ኽራይ ኩንትራት ከምኡ ኸኣ እታ ናይ መወዳእታ ወርሒ ናይ ገዛ ኽራይ ክፍሊት ከተቕርብ ኢኻ። ወሰኽ ገዛ ኽራይ እንተ ደኣ ኣጋጢሙካ ኸኣ ነቲ ወሰኽ ገዛ ኽራይ ዘርእይ ቅብሊት ኣቕርብ።

ኵነታት ናይ እቲ ትነብረሉ ገዛ ዝቀያየር እንተ ኾይኑ፡ ንስኻ፡ መጻምድኻ ወይ ከኣ ምሳኻ ዝነብር ሰብ ኣብቲ ግዜ እቲ መመልከት ዘቕረብካሉ ግዜ እንተ ደኣ ጌሽኩም (ልዕሊ ሓደ ሰሙን) ማለት እዩ ክትሕብር ኣሎካ።

- **Sysselsättning ስራሕ ምቍጻር**

ኣብ ትሕቲ ምቍጻር ስራሕ ዝብል ኣማራጺ ከኣ እቲ ቀንዲ ትሰርሓሉ ስራሕ ትመርጽ። ብዙሓት ኣማራጺታት ከተቕርብ እውን ተኽእሎታት ኣሎ። ኣብ ግዜ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ምስ ትህሉ ኸኣ ኣብ ናይ ሕማም ዕረፍቲ ከም ዘለኻ ዘርእይ ናይ ሕክምና ናይ ዕረፍቲ መረጋገጺ ወረቐት ከተቕርብ ክትግደድ ኢኻ።

ምሳኻ ብሓባር ዘመልክት ሰብ ምስ ዝህሉ ኸኣ ዋላ ናይቲ ምሳኻ ዘመልክት ዘሎ ሰብ ስራሕ ምልኣዮ።

- **Ersättningar መተካእታታት**

ካብ ካልኦት ሰብ መዝታት ትረኽቦም መተካእታታት ክፍሊት/ሓገዝ ምምላእ ኣየድልየካን እዩ። እቲ ወዳኢ ጒዳይ ማለት ሃንድሌጋረ ነቶም መወከሲታት ካብቶም ትካላት ከምጸኦም እዩ።

- **Inkomster ቍጠባዊ ትሕዝቶታት**

ከም ቍጠባዊ ትሕዝቶ ዝምዝገቡ ከም ደሞዝ፡ ብስዊሽ ዝመጽእ ኣታዊ ወይ ድማ ዝተፈላለዩ መተካእታታት ወይ ከኣ ብባንኪ ዝሰጋገሩ ኣታዊታት።

ስለዚ ድማ ን ቑጠባዊ ትሕዝቶ ብዝምልከት እቲ ትኽክል ክፍሊት ክትምዝግቦ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ብመልክዕ ጸብጻብ ደሞዝ ከምኡ እውን መልክዕ ናይ ሕሳብ ወጻኢታት ጌርካ ሰነዳትካ ከተቕርብ ኢኻ።

- **Tillgångar ትሕዝቶ**

ንብረት ኣብ ትሕቲ ዝብል ድማ ኣብ ባንኪ ገንዘብ ምስ ዝህሉወካ፡ ዓበኣይቲ ማካይን ትውንን ምስ ትኸውን፡ ቀዋሚ ንብረት ወይ ከኣ ካልእ ንብረት ምስ ዝህሉወካ ክትመልኦም ኣለካ።

ምሳኻ ሓቢሩ ዝመልእ ሰብ ምስ ዝህሉ ወይ ከኣ ቈልዓ ምስ ዝህሉወካ ዋላ ንዓኣቶም ዝኾነ ንብረት ምስ ዝህሉዎም ክትመልኦ ኣለካ።

- **Utgifter ወጻኢታት**

እቲ ቅኑዕ ክፍሊት ናይ ወጻኢታትካ ክትምዝግቦ ኣገዳሲ እዩ። ነቲ ቅኑዕ ወጻኢታትካ ዘርእይ ፋክቱራ ከምኡ ድማ ቅብሊት ከተቕርብ ኣለካ። እዚ ድማ ናይ እተን ዝሓለፋ ኣዋርሕ ወጻኢታት ማለት ክፍሊታት ከም ዝኾነ ዘርእይ ክኸውን ኣለዎ። ነዚ ድማ ንኣብነት ናይ ባንኪ ኣታውን ወጻእን ዘርእይ ኣብ ባንኪ ሕሳብካ ዘሎ መዝገብ ብምቕራብ ክኸውን ይኽእል እዩ።

ንዘይተመደቡ ወይ ዝስረዙ ናይ ሕክምና ብጽሖታት ዝኸውን ዝግበሩ ወጻኢታት ወይ ድማ ብዘይ ወረቐት ንዝግዝኡ መድሃኒታት ዝግበሩ ወጻኢታት መተካእታ ገንዘብኩም ኣይወሃበኩምን እዩ። ብዘይ ወረቐት ወይ ኣፍልጦ ናይ ሓኪም ዝግበሩ እንተ ዘይኰይኖም ማለት እዩ።

እዚ ድማ ዋላ እውን ምሳኻ ሓቢሩ ዝመልእ ሰብ ይሃልኻ ኣብ እቶም መወከሲታቱ ናቱ ቍጠባዊ ትሕዝቶ፡ መተካእታ ከምኡ ኸኣ ወጻኢታት ይምላእ ማለት እዩ።

- **Övrigt ካልእ**

እዚ ድማ ኣብ ናይ ባንኪ ሕሳብካ ወጻኢታት ይምላእ። ተመሊስካ ወይ ድማ ካልኣይ ግዜኻ ትመልእ ምስ ትህሉ ከምኡ ኸኣ ኣቐዲምካ ናይ ባንኪ ሕሳብካ መወከሲታት መሊእካ እንተ ኔርካ፡ ነቲ ናይ ቅድሚ ሕጂ ባንኪ ሕሳብካ ኢኻ ተእትዎ።

ባንኪ እንተ ደኣ ቀይርካ ኸኣ ናይቲ ሓድሽ ባንኪ ካብ ባንኪ ሕሳብካ ዝተገብሩ ወጻኢታት ከምኡ ኸኣ ቍጠባዊ ትሕዝቶኻ ዘርእዩ ሰነድ ከተቕርብ ኢኻ።

ነቲ ዘቕረብካዮ ናይ መናበዪ ሓገዝ ንምርካብ ዝገበርካዮ መመልከቲ ከነካይዶ ክንክእል እንተ ደኣ ኺንና ነዞም ዝስዕቡ መሊእካ ከተጽድቖ ከድልየካ እዩ፡

- እዚ ኣብዚ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ዘሎ መወከሲታት ከምኡ ድማ ሰነዳት ዝተማልኡ፡ ቅኑዕን ሓቀኛን ከም ዝኾነ ምስ ዝረጋገጽ።
- እቲ ናይ መናበዪ ደገፍ ዝገብር ኣካል ብመሰረት ሕጊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት፡ ካብ ናይ ሽወደን ትካል ውሕስነት ማለት ፎርሼክሪንካሳን፡ ክፍሊኣታዊ ግብሪ ማለት ስካተቨርከት፡ ኣርበትስፎርመድሊንገን ማለት ክፍሊ መራኸብቲ ስራሕ፡ ካብ ትካላት ውሕስነት ስራሕ ኣልቦነት፡ ካብ ሲኤስኤን ማለት ክፍሊ ለቓሕን ደገፍን ንትምህርታዊ መዓላ፡ ካብ ካልኦት ኮምዩናት ከምኡ ድማ ካልኦት ህዝባውያን ትካላት ንመካየዲ ስራሕ ናይ እቲ መመልከቲ ክኹኖም ዝተመዝገቡ መወከሲታት ከምጽኡ ከም ዝኾኑ እፈልጥ እየ ሓበሬታ ኣለኒ፡

- እዚ ኣነ ዘቕረብኩዎ መወከሲታትን ሰነዳትን ዘይቅኑዕ ምስ ዝኸውን ናብ ፖሊስ ከሕትተኒ ከም ዝኾነ ከምኡ ኸኣ ብናይ ጥቕሚ ምትላል ጥርጣረ ከኽስሰኒ ከም ዝኽእል እፈልጥ፡
- ኵሎም ዝግበሩ ምቅይያራት ክሕብር ከም ዘሎኒ እፈልጥ እየ፡

ዝኣመሰሉ ኢልካ ምስ ተረጋግጽ እዩ።

## • Bifoga dokument ሰነድ ኣተሓሕዝ

ኣብዚ ገጽ እዚ ኸኣ እቲ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ዝተማልአ ክኸውን ምእንቲ ኣየኖት ሰነዳት ከተቕርብ ከም ዘድልየካ ክትርእዮ ትኽእል ኢኻ። ሰነዳት ተቕርበሎም ኣርባዕተ ኣገባባት ኣሎዉ፡

- ብዲጂታላዊ ኣገባብ ብመገዲ ኤለክትሮኒካዊ ኣገልግሎት። ስክሪን ሾት ናይቲ ሰነድ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ። ወይ ትስእሎ ወይ ድማ ነቲ ፋይል ከም ፒዲኤፍ ወይ ተመሳሳሊ ጌርካ ከተተሓሕዞ ይክኣል እዩ።
- ነቲ ሰነድ ብመገዲ እዚ ዝስዕብ ኢመይል ekonomisktbistand@harryda.se ጌርካ ስደዶ።
- ነቲ ሰነድ ብመገዲ ቡስጣ (ወዳኢ ጉዳይ ማለት ሃንድሌጋረ ምስ ዝህሉወካ፡ ስም ናቱ ኣብቲ ቡስጣ ክጽሓፍ ንምሕጸን) ናብዚ

  Härryda kommun
  Socialtjänsten/ekonomiskt bistånd (ስም)
  80 Mölnlycke ይለኣኽ።

  ወይ ድማ ናብ ናይ እቲ ኮምዩን ገዛ ብምምጻእ ነቲ ረሰፕሽን (Råda torg, Mölnlycke) ትገድፉሉ። ወዳኢ ጉዳይ ማለት ሃንድሌጋረ ምስ ዝህሉወካ፡ ስም ናቱ ኣብቲ ቡስጣ ክጽሓፍ ንምሕጸን።
- ነዚ ዝተባህለ ግዜ ዝኸውን ሰነድ ድሮ ኣእቲኻዮ እንተ ኼንካ፡ ነታ ናይ መወዳእታ ኣማራጺት ምረጾ። ሽዑ ድማ ከመይ ገርካ ነቲ ሰነድ ትሰዶ ከም ዘለኻ ብጽሑፍ ገርካ ግለጾ።

## • Förhandsgranska ቅድመ ትርኢት

ኣብዚ ገጽ እዚ ኸኣ ኣብቲ መመልከቲ ፎርም ዝተማልኡ መረዳእታታት ማለት መወከሲታት ክቐርበልካ እዩ።

- ነቲ ቀሪቡልካ ዘሎ ጸብጻብ ብምሉኡ ንበቦ። ከምኡ ድማ ቅኑዕ ምህላዉ ረኣዮ ኢኻ።
- ዝኾነ ነገር ካብቲ መወከሲ ክትቅይር ምስ ትደሊ ኸኣ "ändra" ትብል መልጎም ብምጥዋቕ ዘዝምልከቶም ክፍልታት ኣቲኻ ቀይሮ።
- እቲ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ዝተማልአ ምስ ዝኸውን "signera och skicka in". ትብል መልጎም ጠውቕ።

## 13. Signera och skicka in ምፍራም ከምኡ ድማ ምስዳድ

ኣብዚ ድማ ነቲ መመልከቲ ብመገዲ ኤለክትሮኒካዊ ካርድኻ ጌርካ ኣጽድቖ።

ምሳኻ ሓቢሩ ኣብቲ መመልከቲ ዝመልአ ሰብ ኣሎ እንተ ኰይኑ ኸኣ መልእኽቲ ብመገዲ ኢመይል ኣድረሱ ክስደድ እዩ። እዚ ኸኣ ነቲ መመልከቲ ክትመልኦ ከለኻ ንሱ ነቲ መመልከቲ ብመገዲ ኤለክትሮኒካዊ ካርዱ ምእንቲ ከጽድቆ ተባሂሉ ዘእተኻዮ ኢመይል ኣድረስ እዩ። እቲ መመልከቲ ንስኻ ከምኡ ድማ እቲ ምሳኻ ዝመልአ ሰብ ብመገዲ ኤለክትሮኒካዊ ካርድኹም ኔርኩም ምስ ኣጽደቕኩሞ ብቐዳምነት ናብ ክፍሊ ማሕበራዊ ኣገልግሎት እዩ ዝኸይድ።

### Inskickad ansökan ዝተሰደደ መመልከቲ

እቲ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ምስ ተሰደደ ካብና ሓደ መልእኽቲ ምስ ናይ ጉዳይካ ማለት ከይዝካ ቍጽሪ ክስደደልካ እዩ። ኣብ መርበብ ሓበሬታ www.harryda.se ዘሎ ”Mina sidor” ዝብል ገጽ ብምእታው ነቲ ንስኻ ዝሰደድካዮ መመልከቲ ክትርእዮ ትኽእል ኢኻ።

**መስርሕ ምክያድ ናይቲ መመልከቲ**

ሓድሽ ናይ መመልከቲ ቅጥዕን ኵላቶም እቶም ዝተሓተቱ ሰነዳትን ምስተረከብናዮም፡ ንስኻ ናብ ወዳኢ ጉዳይካ ማለት ሃንድሌጋረኻ ሓድሽ ምብጻሕ ምስ ፈጸምካ ድማ መስርሕ ጉዳይካ ብዝቐልጠፈ ክንጅምሮ ኢና። ብዛዕባ ጉዳይ ውሳነ ናይ መመልከቲኻ ብዝምልከት ከኣ እንተ ደንጕየ ሸሞንተ ናይ ስራሕ መዓልታት ክትጽበ ኢኻ። እቲ ውሳነ ድማ ናብቲ ዝተመዝገብካሉ ማለት ትነብረሉ ኣድራሻኻ ብመልክዕ ቡስጣ ክስደደልካ እዩ። እቲ ክፍሊት ድማ ደድሕሪ እቲ ውሳነ ዝትግበር ይኸውን። እቶም ከተቕርቦም ዝተሓተትካዮም ሰነዳት ኣብ ውሽጢ ሓምሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት እንተ ደኣ ዘየቕረብካዮም ግና እቲ ዘቕረብካዮ መመልከቲ ክንጸግ እዩ።

ናትና ዕላማ ኣብቲ ንኻልኣይ ግዜ ብመገዲ ኤልክትሮኒካዊ ኣገልግሎት ዝተገብረ ዝተማልአ መመልከቲ ኣብ ውሽጢ ሓምሽተ ናይ ስራሕ መዓልታት ውሳነ ምሃብ እዩ። እቲ ውሳነ ድማ ናብቲ መዝገብ ነባርነትካ ዘሎዎ ትነብረሉ ምምሕዳር ብቡስጣ ክለኣኽ እዩ። እቲ ዝገብርካዮ ናይ ዳግማይ መመልከቲ እንተ ደንጕየ ዕለት 20 እንተ ደኣ መጺኡ እቲ ቀጥታዊ ክፍሊት ድማ ዕለት 27 ናይ ነፍሲ ወከፍ ወርሒ ወይ ከኣ እታ ናብ ዕለት 27 ዝቐረበት ናይ ስራሕ መዓልቲ ዝትግበር ይኸውን። እቲ መመልከቲ ድሕሪ ዕለት 20 እንተ ደኣ መጺኡ ኸኣ  እቲ መስርሕ ከምኡ ድማ እቲ ቀጥታዊ ክፍሊት ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ ግዜ ዝትግበር ይኸውን።

## መወከሲታት

ዝኾነ ሕቶ ምስ ዝህሉ ንማእከል መራኸቢታት ብቑውጽሪ ቴለፎን 031-724 62 00 ክትረኽቡዎ ትኽእሉ ኢኹም። ንዝያዳ ሓበሬታ ድማ ነዚ ዝስዕብ ገጽ መርበብ ሓበሬታና ማለት \www.harryda.se/omsorgochhjalp/ekonomiforsorjningsstod ክትበጽሑዎን ኣቲኹም ክትነቡዎን ንምሕጸን።